Seattle Office of Labor Standards

# ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል

## ኮቪድ-19 ናይ ዘይቀወምቲ ሰራሕተኛታት ፍሉይ ክፍሊት ሕጊ መርትዖ ወረቐት

እዚ ናይ ዘይቀዋሚ ሰራሕተኛ ክፍሊት ሕጊ እተን ዕሹግ መግቢ ዘበጻጽሓ መርበብ ኩባንያታት ነቶም ኣብ ስያትል ተቐቢሎም ዘበጻጽሑ ሰራሕተኛታተን "ፍሉይ ክፍሊት" ዝጽዋዕ ተወሳኺ ክፍሊት ክኽፍላ ይእዝዝ። እዚ ፍሉይ ክፍሊት'ዚ ኣብ ልዕሊቲ እቶም ዘይቀወምቲ ሰራሕተኛታት ንዘበርከቱዎ ኣገልግሎት ዝኽፈሎም ካሕሳ፡ ብኩባንያ ዝወሃብ መቕሽሽ (bonus)፡ ኮሚሽን፡ ብዓማዊል ዝወሃብ መቕሽሽ (tip) ዝኽፈሎም እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ ካብ ሰዓት 8:30 ምሸት 26 ሰነ 2020 ክሳብቲ ኮቪድ-19 ናይ ሲቪል ናይ ለበዳ ኩነት ዘብቅዕ ይሰርሕ።

### ኣየኖት ኩባንያታት እየን እዚ ሕጊ ዝምልከተን?

እዚ ሕጊ ነተን መግቢ ዘበጻጽሓ መርበብ ኩባንያታት (FDNC) ይምልከት። ንሳተን ድማ እተን መግቢ፡ መስተን ካልእ ናይ መግቢ ሸቐጣትን ኣቐዲምካ ብኢንተርነት ወይ ተለፎን ምስ ዓማዊል ብምርኻብ ብዝግበር ስምምዕ ተኸፊለን ብዘበጻጽሑ ሰራሕተኛታት (ዘይቀወምቲ ሰራሕተኛታት) ኣገልግሎት ዘቕርባ እየን። እዚ ሕጊዚ ክምልከተን እተን ኩባንያታት (FDNC) ብደረጃ ኣህጉር ካብ 250 ሰራሕተኛታት ንላዕሊ ዝቈጽራ ክኾና ኣለወን።

### ኣየኖት ዘይቀወምቲ ሰራሕተኛታት እዮም እዚ ሕጊ ዝምልከቶም?

እዚ ሕጊ ነቶም በተን FDNC ዝምልከተን ትካላት እንዳ ተኸፍሎም ናይ ምብጽጻሕ ኣገልግሎት ክህቡ ዝተሰማምዑ ዘይቀወምቲ ሰራሕተኛታት ይምልከት። በዚ ሕጊ'ዚ ክሕገዝ እቲ ዘይቀዋሚ ሰራሕተኛ ኣብ ውሽጢ ስያትል ኣብ ዘሎ ካብን ናብን ነቑጣታት ተቐቢሉ ዘብጽሕ ክኸውን ኣሎዎ።

### ዝኽፈሎ ፍሉይ ክፍሊት ክንደይ እዩ?

ዘይቀዋሚ ሰራሕተኛ ዝብገሰሉን ዘበጽሓሉን ቦታት ኣብ ስያትል ክሳብ ዝኾነ እንተ ወሓደ ንሓደ ጠለብ $2.50 ፍሉይ ክፍሊት ክረክብ ይግባእ።

ምስታ ሓንቲ ብኢንተርነት ዝቐረበት ጠለብ ዝትግበር እንተ ኮይኑ ድማ ብተወሳኺ ነቲ ሰራሕተኛ ዝኽፈሎ

- $1.25 ንነፍሲ ወከፍ ተወሳኺ ካብ ስያትል ዝብገሰሉ ነጥቢ
- $1.25 ንነፍሲ ወከፍ ተወሳኺ ኣብ ስያትል ዘብጽሓሉ ነጥቢ

### መግቢ ዘበጻጽሓ መርበብ ኩንያታት ክገብርኦ ዝግባእ፥

- ነቲ ፍሉይ ክፍሊት ኣብ ልዕሊቲ ብኢንተርነት ንዝተኣዘዘ ዝግበር ክፍሊት ክኸፍላ
- ካብቲ ዝተኣዘዘ ኣየኖት ንፍሉይ ክፍሊት ብቕዓት ከም ዘሎወን ምፍላይ
- ነቲ ፍሉይ ክፍሊት ካብቲ ካልእ ክፍሊታት ፈሊኻ ምስራዕ
- ንሰራሕተኛታት እቲ እዚ ሕጊ ዘፈቕደሎም መሰላት እንኮላይ ካብ ዝኾነ ሕነ ምፍዳይ ነጻ ምዃኖም ብጽሑፍ ንነፍሲ ወከፍ ምሃብ። ምልክታ ተለፎን ብምጥቃም ወይ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ብቋንቋ እንግሊዝን በቲ ሰራሕተኛ ዝጥቀመሉ ቋንቋን ክዝርጋሕ ኣሎዎ።

### መከላኸሊ ኣህላኽን ዘይቀዋሚ ሰራሕተኛን

ኩባንያታት እዚ ሕጊ ኣብ ግብሪ ብምውዓሉ ምኽንያት ነዘን ስጉምትታት ከይወስዳ ይኽልከላ፥

- ኣብ ስያትል ዝፍጸም ኣገልግሎት ምጕዳል ወይ ምምሕያሽ
- ናይ ሰራሕተኛ ክፍሊት ምጕዳል
- ናይ ሰራሕተኛ ደሞዝ ዝረኽበሉ ዓቕሚ ምሕጻር
- ኣብ ልዕሊቲ ናይ ዓሚል ናይ መግቢ ሸቐጥ ዋጋ ምውሳኽ

## ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል

ተልእኾና ደረጃታት ዕዮ ብተዋሳእነት ማሕበረ ሰብን ትካላትን ብዕምቈት ዝተሓሰበሉ ስትራተጅያዊ ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላን መሃዚ ፖሊሲን ንዓሌትን ማሕበራዊ ፍትሕን ኣተኩሮ ከም ዝህብ ጌርካ ንምምዕባል እዩ።

**ነቕርቦ ኣገልግሎት**

ንጥርዓናት ምምርማር
ምስ ሰራሕተኛታት ምርኻብ
ንትካላት ተክኒካዊ ኣገልግሎት ምቕራብ
ምንጪ ሓበሬታን መወከስታን

ቋንቋ ብቃልን ብጽሑፍን ምትርጓም

ንስንክልና ዘሎዎም ሰባት ዘመቻችእ ኩነት ኣሎና።
ኣገልግሎትና ብነጻ እዩ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

Call: (206) 256-5297
ብስልኪ ቁጽሪ (206)256-5297
ኢ.መይል: laborstandards@seattle.gov
ብምእታው seattle.gov/laborstandards ክፈቱ


ኣብዚ ሰነድ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ ከም ሕጋዊ ምኽሪ ንምግልጋል ዝተሓሰበ ኣይኮነን፡ ንሕግታትን ሕጋጋትን መተካእታ ክኸውን እውን የብሉን። ብዛዕባዚ ሕጊ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ናይ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ Gig Worker Premium Pay Ordinance webpage ተወከሱ።